# ህያው ኢኹም!

ገና ብዕሽልኩም ምስ ህዝቢ ወጊንኩም፣
ፍቕሪ ተመሲሕኩም ፍቕሪ ተደሪርኩም፡፡

ዝብላዕ ዝቕመስ ኣብዘይነበረሉ፣
መዓንጣኹም ተላሒጉ ዝሓዞ ዘይብሉ፡፡

ጥራሕ ትወፍሩ፣ ትጓዓዙ መንገዲ፣
ሓቦ ሰኒቅኩም ክትሕልዉ ዓዲ፡፡

ስንቂ ሓልዮት፣ኣኽብሮት ሰኒቕኩም፣
ብብፃይነት ተጠሚርኩም፣ ሰጢምኩም፣
ብብሉፅ ተግባርኩም ንህዝቢ ማሪኽኩም፣
ፍቕሪ ለጊስኩም ፍቕሪ ተሰሊምኩም፡፡

ከምኣ ዓቢኹም ኣልቦ ኣፈላላይ፣
ኣብ ሓደ መኣዲ ረጊግኩም ኣብ ሰናይ፣
ውዕሎኹም ትዓሙ ብምትሕልላይ፣
ብጀካ ንዓና ዘይትፈልጡ ንዓይ፡፡

ልኡኽ ህዝቢ ሒዝኩም ወፊርኩም ቅድሚት፣
ብሰላም ክትምለሱ ኣፋንዮምኹም ብዖት፣
ንምሕዝነት ህዝቢ ክተቕርቡ ምርኢት፣
ትሕዝቶኹም ጠርኒፍኩም ብዘይሻቕሎት፣
ኣብ ወፍሪ እንተጋጥም መዓት፣
ክዉን ምቕባል ኣብዩና ኣፍሲስናዮ ንብዓት፡፡

እታ እዋን እቲኣ እንትዝክሩ፣
ኣይቀደወትናን ኀዳኢትና ነይሩ፡፡

2004 ኣብ ፈላሚት ወርሒ፣
ጀሚራትና ብሓዘን ብፍርሒ፣

ንስኹም ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ምስ ኣምለጥኩም፣
ንዓይ ምባል ግዲ ጀሚርኩምስ ሰባት ኣኽቲልኩም፡፡

መዓዝ ርህይዉና ምስተፈለይኹም?
መራሒና ምስ ኣቡን ንዓኹም መሪፆም፡፡

ምእዙዛትን ፍቱዋትን ኩሉኹም በዘይ ኣፈላላይ፣
ትሸዓተ ከየንቲ ውላድ ትግራይ፣
ነቲ ሓደ ፀዊዐ ነቲ ካሊእ ኣይገብረለይ፣
ኩሉኹም ምእዙዛት ተፈተውቲ ኣሕዋተይ፣
ህያው ኢኹም የዋርስኩም መንግስተ ሰማይ፡፡ (2)

ብሃይለስላሰ በየነ
ካብ ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ